**ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን**
**መንበረ ጵጵስና ሰሜን ኣሜሪካ።**

**Eritrean Orthodox Tewahdo church**
**Arch Diocese of North America**

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ፡ ኣሜን።

*ሕጊ ደኸመ፥ ፍትሒውን ከቶ ኣይወጽን (ትንቢት እንባቆም 1:4)*

*መግለጺ መንበረ ጵጵስና ሰሜን ኣሜርካ ብዛዕባ እዋናዊ ኩነታት ቤተ ክርስቲያንናን ሃገርናን።*

እስራኤል ሕጊ-ኣልቦ ኮይና ፍትሒውን ጠፊኡ ሕዝቢ ምስ ተበደለ *"ሕጊ ደኸመ፣ ፍትሒውን ከቶ ኣይወጽን። እቲ ረሲእ ነቲ ጻድቕ ከቢብዎ እዩ እሞ፣ ስለዚ ፍርዲ ቐጺኑ ይወጽእ ኣሎ"*(ትንቢት እንባቆም 1:4) እናበለ ነቢይ እንባቆም ካብ እግዚኣብሔር ተቐቢሉ ንሕዝቢ እስራኤል ብብኽያትን ብቐዝማን ዘመሓላለፈሎም መልእኽቲ እዩ። ሎሚ ህልው ኩነኣትትና ካብ ዝኸፍእ ና ዝገደደ ይኸይድ ስለ ዘሎ፥ እዚ ቃል'ዚ ንዓና ንኤርትራውያን እንተኾነውን ከምዘለዎ ዝምልከተና ኮይኑ ንረኽቦ።

ሕዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ነዊሕ መዋእል ንፍትሒ ካብ ደገ ናብ ቤቱ ምስ ኣእተዋ፡ ፍትሒ ተረኺባ ኢሉ'ውን "እፎይታ" ኣብ ዝተጸበየሉ እዋን ፍትሒ ኣብ ደምቢኡ ተቐቢራ። ሎሚ ካብቲ ናይ ቀደም ብዘይንእስ ስቓይ፥ ኣደዳ ጭቆና፥ ሓሳር፥ መግረፍትን ስደትን ኮይኑ ይርከብ ኣሎ።
እዚ ሕዝቢ እዚ፡ ኣብ ዘመነ መግዛእቲ ዝተነፍጎ ሓርነት፡ ፍትሒ፥ ራህዋን ክብረትን ክረክብ ዝግብኦ ክነሱ፥ ብኣንጻሩ ናይ ምጽናት ሃዋህው ኣንጸላልይዎ ይርከብ። ብስርዓተ ሕግን ብዘንጊ-ሓቅን ክትመሓደር ዝግብኣ ሃገር፥ ብወለንታን ድሌት ውልቀ ሰባትን እትውነን ኮይና ኣላ። ልዕልና ሕጊ ስለዝተረግጸ ድማ ኤርትራዊ ብዘይ ልቡ ካብ ሃገሩ ሃጽ ኢሉ ይስደድን ትሕቲ በሃማት እንስሳ ወሪዱ ይሸየጥን፥ ተጠቢሑ ናውቲ ኣካላቱ ኣብ ዕዳጋታት መዋገዪ ኮይኑ ኣሎ።

ኣብ እዋኑ ሰማዒ ኣይረኸቡን እምበር፥ እዚ ሓደጋ እዚ ዘስተውዓሉ ፓትርያርክ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ፥ ናብ ሕዝቢ ኣብ ዝለኣኽዎ ቅሉዕ ደብዳበ፥ ንኹሉ ዝዓዝዝ፥ ረዚን ቃል *"ሕጊ እንተ ረገጽካዮ፥ ተመሊሱ እዩ ዝረግጸካ።"*ዝብል መጠንቀቕታ፥ ሂቦም እዮም።
ሎሚ ሓቅነትዚ ቃልዚ፥ ዕለት መጸት ኣብ ቅድሚ ዓይንና ክፍጸም ንርእዮ ዘሎና ሓቂ እዩ። ሕጊ ስለ ዝተረግጸ ድማ፥ እነሆ ኩላትና ተረጊጽና ኣሎና።

ሃገርና ትባድም፡ ሕዝባ ይጠፍእ፡ ኣሎ። እቶም ሕጊ ትጥሕሱ ኣሎኹም፡ ሳዕቤኑ ከቢድ እዩ፡ ናብ ልብኹም ተመለሱ ኢሎም ዝመኸሩ ኤርትራውያን'ውን ( ውሉደ ክህነትን ኣመንትን) ሰማዒ ኣይረኸቡን። ብኣንጻሩ እኳደኣ ርህራሄ ብዝጎደሎ ኣገባብ፥ ፓትርያርክ ቅዱስ እንጦንዮስ ከይተረፉ፥ መሕደሪኦም ማሕዩር ኮይኑ ኣሎ።

ኣብዚ ከቢድ ናይ ምህላውን ናይ ምጽናትን ኣጋጢሞና ዘሎ ተኣፋፊ እዋን፥ ኣርባዕተ ጳጳሳት ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን *ኤርትራ፥ "ኣበይ ኣሎ ሓውኻ?* ዚብል ዘቕረብዎ እዋናዊ መንፈሳዊ ጽሑፍ ተዘርጊሑ ኣሎ። እዚ ድማ ነቲ ቅዱስ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ፥ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ፥ መንበረ ጵጵስና፥ ኣሜሪካ፥ ኤውሮጳን ማእከላይ ምብራቕን፥ ብኣጋኡ ክብልዎ ዝጸንሑ ሓቂ ዝድርዕ ስለ ዝኾነ፥ ምእንቲ ምድኃን ሃገርን ሕዝብን ዘመሓላለፍዎ ረዚን መልእኽቲ ምሉእ ደገፍና ንገልጽ። ነፍሲ ወከፍ ሒልና ዘለዎ ነዚ ከቢድ ሕቶ ኣበይ ኣሎ ኣሓውካ ዚብል ኪሓተሉን መልሲ ክረኽበሉን ይግባእ።

ሎሚ እዞም ምእንታና ሓሊፎም ኢልና እንዝክሮም ስዉኣትና፡ ክብርቲ ሕይወቶም ክህቡ እንከለዉ፡ ድሌቶም ሕዝቢ ክርህዎ እዩ ዝነበረ። እታ ኣብ ኣጋ ም ሕላፍ ሕይወቶም ዚብልዋ" *ዓወት ንሓፋሽ"*እትብል ቃል እኳ ነቲ ብድሕሬና ዝተርፍ ኩሉ ዓወት ይኹነሉ ማለት እዩ። ዕውት ሕብረተ ሰብ ዝበሃል ድማ፡ እ ቲ ብኣምላኽ ዝተዋህበ ምሉእ ናጽነት ተጠቒሙ፡ብናጽነት ነታ ክሕልዋ፡ ከማዕብላ፡ ከኸናኽና ዝተዋህበቶ መሬት ብዘይ ፍርሂ ምስ ዝነብረላ ጥራይ እዩ። ብ ኻልእ ቃላት፣ብሕጊ፣ ብፍትሕን ርትዕን ተማእኪልካ ብማዕርነትእትነብረላ ሃገር ምውናን ማለት እዩ።

ክቡር ሕዝቢ ኤርትራ፥ በዚ ኣጋጣሚ መዓልቲ ስውኣትና እንዝክረሉ ዕለት ራህዋን ሰላምን ክነግሥ፥ ሕሰምና ክኽትም፥ ኣምላኽ እትፈርህን፥ ሰብ እተኽብርን፥ ብርትዕን ፍትሕን እትመሓደር ሃገር ክንውንን፥ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ፥ እጃሙ ከበርክት ብስም ቅድስት ቤተ ክርስቲያን ንጽውዕ።

እግዚኣብሔር ንስዉኣትና ሰማያዊ ዕረፍቲ ይሃቦም። ኣሜን።

መንበረ ጵጵስና ሰሜን ኣሜርካ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ። 20 ሰነ 2014

P.O.BOX 186, Redan GA.30074 Tele 678-7749388